







# Orientation to Ontario

## ሕጋጋትን መምርሒታትን ካናቢስ ካናዳ



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca





ኣብ ካናዳ ካናቢስ (ዓይነት ድራግ) ምጥቃም ሕጋዊ እዩ። መንግስቲ/ምምሕዳር ኦንታርዮ፡ ሰባት ናይ መዘናግዒ ካናቢስ ኣብ ዝዕድግሉን ዝጥቀምሉን ግዜ ድሕነቶም ዘውሕስ ሕጋጋት ኣለዎ።

መዘናግዒ ካናቢስ ንኽትዕድግ፡ ንኽትጥቀም፡ ንኽትሕዝን ነቲ ተኽሊ ንኽትተኽሎን ዕድመኻ 19 ን ልዕሊኡን ክኸውን ኣለዎ። ዕድመኻ ከምዚ ዝተጠቕሰ እንተኾይኑ፡ ኣብ ህዝባዊ ኣብ ዝኾነ ግዜ ካብ Ontario Cannabis Store (OCS (መከፋፈሊ ካናቢስ ኦንታርዮ))ወይ GamingCommission of Ontario (AGCO (ኮሚሽን ጠላዕ ኦንታርዮ))ፍቓድ ካብ ዝሃቦ መከፋፈሊ ብኦንላይን ዝተዓደገ ዝለዓለ ክሳብ 30 ግራም ዝበጽሐ ንቑጽ ካናቢስ (ወይ ማዕረ) ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ። ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ዝፍቀዶ ዘበለ ቦታታት፡ ካናቢስ ከተትክኽን ክትስሕብን ትኽእል ኢኻ። ካናቢስ ብሃገራዊ ዶባት ካናዳ ከተጓዓዕዝ ወይ ከተሰጋግር ሕጋዊ ኣይኮነን። ምምሕዳራትዘለዎም ከተማ ኣብቲ ከባቢ ንኣጠቓቕማ ካናቢስ ዝቆጻጸር ናይ ባዕሎም መምርሒታት/ሕጋጋት ክህሉዎም ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ትምህርቲ ንምቕሳም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ canada.ca

### ሕጊ ካናቢስ

ኣብ ካናዳ፡ ንስለ ምዝንጋዕ ኢልካ ካናቢስ ምጥቃም ኣብ 17ጥቅምቲ  2018እዩ ሕጋዊ ኰይኑ።እዚ ሕጊ ናይ ካናቢስ ድማ፡ ንመፍረ፡ ምክፍፋል፡ መሸጣን ምሓዝን ካናቢስ ኣብ ካናዳ ዝቆጻጸር ጽኑዕ ዝኾነ ሕጋዊ ቅጥዒ (legal framework) ይፈጥር። ተወሳኺ ትምህርቲ ንምቕሳም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ https://laws-lois.justice.gc.ca/eng/acts/C-24.5

### ተኽሊ ካናቢስን ምህርቲታትን

ካናቢስ ነቲ ካናቢስ ሳቲቫ ዝበሃል ንኡስ ዓሌት ናይ ካናቢስ ዝኾነ ተኽሊ ዝውክል ስም ኰይኑ፡ ካብ ቅብኣት ሃሽ ክሳብ ቅብኣታት ሄምፕ (hash to hempoils) ዝዝርጋሕ ብዙሕ መልክዓት ኣለዎ።

ተኽሊ ካናቢስ ጉንዲ፡ ኣቑጽልቲን ኣጉሚን ዘጠቓለለ እዩ። ካናቢስ ካልእ ብዙሕ መጸውዒ ኣስማት እውን ኣለዎ። ገለ ካብኣቶም ድማ ማሪዋና፡ ዊድ፡ ዶፕ፡ ፖት እዮም። እዞም መጸውዒ እዚኣቶም ዝበዝሕ ግዜ ብፍሉይ ነቲ ኣጉሚን ነቲ ካብ ኣጉሚ ዝርከብ ምህርቲታትን እዩ ዝውክል።      ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተኽሊ ካናቢስ እዮም ዘለዉ፣ ገለ ካብኣቶም - ሳቲቫ (Sativa)፡ ኢንዲካ(Indica)፡ ሩደራሊስ (Ruderalis)፡ ከምኡ ድማ ሃይበርድስ (Hybrids) ኰይኖም፡ ዝተፈላለየ ፊዝዮሎጅያዊ ጽልዋታት ዘለዎም ተባሂሎም እዮም ኣብ ዓዳጋ ዝሸየጡ። ካናቢስ፡ ካናቢኖይድስ ተባሂሎም ዝጽውዑ ልዕሊ 100 ከሚካላዊ ኮምፖወንድታት ኣለዎ። እዞም ኮምፖወንድታት እዚኣቶም፡ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ፊዝዮሎጅያዊ ውጺኢታት ንምፍጣር ምስቲ ናይ ደቂ-ሰብ ስርዓተ ኢንዶካናቢኖይድ (endocannabinoid system) ይጸላለዉ ወይ ይዋስኡ። እቶም ክልተ ቀንዲ ፍሉጣት ቀመማዊ ትሕዝቶታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- CBD (cannabidiol (ካናቢዳዮል))፡-እዚ ቀመም'ዚ ቃንዛ ኣብ ምዕጋስ፡ ኣብ ጸረ-ነድሪን ጸረ-ቅዛነትን ብዚያዳ ዝተፈልጠ ኰይኑ፡ ስኽራን ዘስዕብ ኣይኮነን።
- THC (delta-9 tetrahydrocannabinol ወይ d-9-THC (ደልታ-9 ተትራሃይድሮካናቢኖል ወይ ዲ-9-ቲ.ኤች.ሲ))፡- እዚ፡ናይ ስኽራን ምልክታት ብምስዓብ (ከም "እትምርቅን" ይገብረካ) ን ኣብ ምፍዋስ ገለ ገለ ሕማማትን ዚያዳ ዝተፈልጠ እዩ።

### ኣብ ኣጠቓቕማ ካናቢስ ኣርባዕተ መሰረታዊ ኣገባባት ኣለዉ፡-

- ምትሃን (Inhalation)፡- እዚ ብኣፍካን ብኣፍንጫኻን ምስሓብ ኰይኑ፡ ሰባት ካናቢስ ክወስዱ ከለዉ ብዚያዳ ዝጥቀምሉ ዝተፈልጠ ኣገባብ እዩ። ናይ ኢድ ሻምብቆ፡ ቦንግ ዝበሃል ብርጭቆ መሳሊ ቱቦ፡ ሃፋ ዝፈጥር ቫፖራይዘር፡ ናይ


Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ሽጋራ መልክዕ ዘለዎ ጀይንት፡ ወይድማ ሺሻ ተጠቒምካ ትክን ሃፉን ምስሓብ ገለ ካብቶም ናይዚ ኣገባብ ኣብነታት እዮም።

- ኣፋዊ-ልፋጫዊ (Oral-Mucosal)፡-እቲ ናይ ካናቢስ ምህርቲ (ብዚያዳ ዝተፈልጠ እቲ ቲንቱራ(tincture) ዝበሃል) ኣብ ትሕቲ መልሓስካ ብምግባር ወይ ድማ ናብ ኣፍካ ፊፍ ኣቢልካ ብምንጻግ ይውሰድ።
- ምውሓጥ (Ingestion)፡-እዚ ከኣ ንካናቢስ ብመልክዕ መግቢ ወይ መስተ ምውሓጥ ማለት እዩ። እዞም ከም መግቢ ዝብልዑ ነገራት ኣብ ውሽጦም ንጡፋት ካናቢኖይድስ (ቀመማት ካናቢስ) ዝሓዙ እዮም።
- ብመርፍ ምውሳድ (Topical)፡-ፍርያት ካናቢስ ብመልክዕ ንጡፋት ካናቢኖይድስ (ቀማማት ካናቢስ) ዘለዎ ሓፊስ ዘይቲ ጌርካ ብቐርበት ኣካላትካ ይውሰድ።

ተወሳኺ ትምህርቲ ንምቕሳም፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቢልካ ንቆጽሊ ሓበሬታ ናይቲ Canadian Public Health Association's Cannabasics (ካናበይሲክስ ዝተባህለ ናይ ማሕበር ህዝባዊ ጥዕና ካናዳ) ተወከስ cpha.ca/sites/default/files/uploads/resources/cannabis/cannabasics-2018-fact-sheets-e.pdf

## ተሽከርካሪት ምምራሕን ካናቢስን

ካናቢስ ድሕሪ ምጥቃምካ ፈጺምካ ኣይትዘውር። ብካናቢስ ተኻኢልካ እንከለኻ ተሽከርካሪት ምዝዋር ዘይሕጋውን ሓደገኛን እዩ። ምዝዋር ማለት ንመካይን፡ ንዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን፡ ጀላቡ፡ ናይ ዉርጪ መጓዓዝያ ወይ ኣውቶሞቢል ዉርጪ፡ ከምኡ ድማ ካብ ጽርግያ ወጻኢ ክኸዳ ንዝኽእላ ናይ በረኻ ተሽከርከርቲ የጠቓልል።

ኦንታርዮ ኣብ ሕጊ ባዶ ተጻዋርነት'ዩ ዘለዋ። እንተድኣ ትዝውር ኣለኻ ኰይንካ፡ ልክዕ ከም ኣልኮል፡ ኣብ ውሽጢ ኣካላትካ ዝኾነ ካናቢስ ክጸንሕ ፍቑድ ኣይኰነን (ብፈደራል ቅቡል ዝኾነ መመርመሪ ድራግ፡ ካናቢስ ኣብ ነብስኻ ምህላዉን ዘይምህላዉን ከለሊ ይኽእል እዩ)።

ፖሊስ፡ ብድራግ ንዝተሰነፉ ዘወርቲ ዘለልየሉ መሳርሒታትን መመርመሪታትን ኣለዎ። እዚ ከኣ እንተላይ ነቲ ኣብ ወሰን ጽርግያ ኰንካ ድራግ እትምርምረሉ መሳርሒን ንዘዋራይ ካብ መኪናኡ ኣውሪድካ እትህቦ ዝተፈላለየ ፈተናታትን የጠቓልል። እንተድኣ ፖሊስ ብካናቢስ (ወይ ብዝኾነ ካልእ ዓይነት ድራግ ይኹን ኣልኮል) ተሰኒፍካ ምህላውካ ከረጋግጽ ክኢሉ፡ እዞም ዝስዕቡ ዝርከቡዎ ከቢድ መቕጻዕቲ ክስዕበካ እዩ፡-

- ምድስካል መምርሒ ፍቓድ
- ፋናንሲያዊ/ገንዘባዊ መቕጻዕቲ
- ምቕያድ መኪና
- ኣብ ናይ ገበን መዝገብ ምስፋር
- ናይ ምእሰርቲ ግዜ
- ኣብ ካናዳ ናይ ምንባር መሰልካ/ሕጋውነትካ ምኽሳር

ዳግማይ በደል ዝፍጽሙ ዘወርቲ፡ ከይዝውሩ ንነዊሕ ግዜ ዘእገዶም መቕጻዕቲ'ዩ ዝጽበዮም። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ተወሳኺ ሳዕቤናት የስዕበሎም - ንኣብነት፡ ኣብ መደባት ግዱድ መኣረሚ ትምህርቲን ፍወሳን ምእታው። ተወሳኺ



ትምህርቲ ንምቕሳም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ ontario.ca/page/cannabis-and-driving

### ትፈልጥ ነይርካ ዶ?

ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ተግባራት ዝፍጽሙ ዉልቀ-ሰባት፡ ብመሰረት ፈደራላዊ Cannabis Act (ሕጊ ካናቢስ) ገበናዊ ክሲታት ከስዕበሎም ይኽእል እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ካናዳ ብቐዋምነት ዝቕመጡ ነበርቲ ሕጋውነቶም ክኸስሩዎ ይኽእሉ፡ እቶም ብግዚያውነት ዝቕመጡ ነበርቲ ድማ ናብ ካናዳ ክኣትዉ ይኹን ኣብ ካናዳ ክጸንሑ ዘይክፍቀዶም ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ እዚ መቕጻኦቲታት እዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ canada.ca





